ትማሊ 18 መስከረም ዘኽሪ ሐሙሻይ ዓመት ናይቶም ንስለ ሓቅን ፍትሕን በቲ ዝግበኦ መገዲ፡ ብዘይሕብእብእን ሕቱኽቱኽን፡በቲ ኤርትራዊ ባህልን መንፈስን፡ ብትብዓትን ሓላፍነታውን፡ ገሊጾሞ ሐሙሽተ ዓመቶም ኣብዚኣ ኣለዉ ዘይበሃሉ ኣብ ልቢ ኩሉ ሕልና ዘለዎ ኤርትራዊ ዓቢ ቦታ ተዋሂብዎም ውዒሉ።

ኣበይ ኣሎ ሎሚ እዚ ሓሳብካ ብትብዓት ናይ ምግላጽ ባህልን መለለይን ኤርትራውነት፡ ንሱውን ምስቶም ሓርበኛታትን ኣብ ቤት- ማሕቡስ ዶ ተሞቒሑ ኾይኑ? እቲ አቐዲምና ከም ህዝብን ሃገርን ንንየተሉ ዝነበርና ክቡር ባህሊ ተሐኺኹ፡ ሎሚ ምስ ሐያል ምድባል፡ ንሐቒ ደው ዝበለ ምጽላም ተተኪኡ ኣሎ። ብአንጻሩ አብ ጎኒ ውጹዕ ደው ብምባልን ንሐቂ ክሳብ መውዳእታ ደው ምባልን'ዩ ዝነበረ እቲ ክቡር ባህልና። እወ ኤርትራዊ ቀደም ዝልለየሉ ዝነበረ ባህሊ ገዛእትና'ውን ከይተረፈ ዝምነይዎ ዝነበረ ባህልን መንፈስን ኤርትራውነት እዚ'ዩ ኔሩ። ሎሚ ደአ ኣበይ ተሸርበ እዚ መንፈስን ባህልን እዚ፡ በለካ ለኽዓከን ሕቱኽቱኽን ዓብሊሎምና ሕማቓት ኮይና። ባህሊ ክርዳዳትን ሓርዒ-እክሊ ወሪስና፡ ሓንጎፋይ ኢልና ንነብር አሎና።

እወ፡ ሐደ ካብዚ ንሕበነሉ ዝነበርና ባህሊ "ዘረባ ሐደ ሰሚዕካ ኣይትፍረድ" ዝብል'ዩ። እንተ ናይ ሎሚ ግዜ ግን ንበይኑ እዩ ምእንቲዛ ሃገር ኣሎ ዝብሃል-ሕሰምን፡ ኣደርዕን ዝኸፈሉ ጀጋኑ ክሳብ ሕጂ ኣበይ ከምዘለዉ ዘይፍለጥ ሐሙሽተ ዓመት ኮይኑስ ኣስቕጥ ኣቢልና ኣሎና። አረ እንታይ እዩ ወሪዱና፡ ንጀጋኑናስ ሞሳ ምሃብሲ ይትረፈና፡ ኣበይ ኣበልካዮም እልና ዘይንሓትትሲ እንታይ ኢና ኾና። ደርጊ'ኻ እዚ ጋናና ዘየፍርሃና፡ ሎሚ ድሕሪ ዝኩሉ መስዋእቲ ኣሻሓት ኣብ ዝረክብናዮ ናጽነት ክንፈርህሲ ምጸታትዩ።

አንታ እታ ሃገርሲ ልሳን ሲኢና፡ ንሕና ህዝቢ ኸ ካን ክቡር ባህልናን ባህሊ አቦታትና ተራኺሱ አለኹም ዘይብሉስ ትም። እንድዒ እዚ ኩሉ ክቡር ባህልና ምስቶም ጓኖት 24 ግንቦት ግዲ ከይዱ፡ እቲ ናቶም ሐዲጎምልና ከይዶም'ዮም።

ብሐቂ እቶም ንሐሙሽተ ዓመታት ተኸዊሎም ዘለዉ ጀጋኑ፡ ኣይተአስሩን ዝተአሰረን ዝተሞቕሐን እቲ ሎሚ ንሐደ ሰብ ደስ ከብል እንታይ ይሰርሕ ዘይኮነ እንታይ ኢሉ ይውድስ ድቃስ ሲኢኑ ዝሐድር ዘሎ፡ "ንጉስ ኣንስተይቲ በቕሊ ኣመጽአለይ ኢሎምኒ" ኣበይ'የ ዝአተዎ ክብል ዝሐድርን ዝውዕልን ዘሎ'ዩ ተመቒኡሐ ዘሎ። ንሳቶም ደአ ሰብ ዝገበሮ እንደኣሎም ጌሮም። ቀደሙስ ካብ ብሱል ጥረ ዝተረኽበ ወጻእ መዓት'እንደዮም።

ወሪድዎም ንሳቶም ደአ ዝመሰሎምን ንዝኣመንሉን ዕላማ እቲ ሐደ ኣብ ሸቱኡ ኣብጺሖም ናብ ካልአይ ኣናቛመቱ ዝኣመንዎ ብጻዮምን፡ ፍረ ቀዳማይ ቃልሶም ዝረሸብዎ ዕታር ዕንባባ ዓወቶም ዘሕቆፍዎ ህዝቢን ናብ ካልአይ ሸቶ ምስ ወፈሩ ደሃዮም ኣይገበረን። ነታ ቐዳመይቲ ዝሃብዎ ሕቛፍ ዕንባባ ሒዙ ገለ ሰሲዑ፡ ገለ ተታሊሉ፡ ገለ ድማ ጃጅዩ ከብዱ ማይ ኣትይዎ አግዲዕዎም። እዞም ጅጋኑ ግና ሐደ ዝዓበየ ማንም ክረኽቦ ዘይክእል ዓስቢ ረኺሞም'ዮም። እወ ታሪኽ ሰብ ድርብ ጀግንነት ብምባል ክዝክሮም ክነብር እዩ። ኣቦታትና ክምስሉ ከምዝብልዎ ሕማቕ እዋን ሕማቕ ሽም ገዲፉ ይሐልፍ ከምዝብልዎ። ምሕላፉ ዘይተርፎ ሕማቕ ሽም

ከይነገድፍ፡ ባህልናን ክብረትናን ክንመልስ ድማ ፍትሒ ግደፍዶ ንሰብ ድርብ ጅግንነት ንጓናውን ክንፈግ ጽያፍ'ዩዋ ኩላህና ጽያፍና ንኽተት። ኣፍና መሊኢና ፍትሒ ንውጹዓት ንጥለበሎም።ዝሓሰረ ክብረትናን መንነትና ድማ ብእኡ ጥራይ እዩ ዝምለስ።

## ኣቶ ሳልሕ ከክያ

ሓደ ከብቶም ምእንቲ ሓርነትን ናጽነትን ሃገር መዋእል ዕድመ ንእስነቶም ዝወፈዩ ዝጀመርዎ ምህናጽ ምዕብልትን፡ዓዲ ሕግን ስርዓትን ሃገር ከይተሓለለ ዝተቓለሰ ዜጋ'ዩ።ልክዕ ኣብ ሎሚ ኮይኑ መጻኢ ናይ ጽባሕ ክግምግም ዘይጽግሞ ተቓላሳይ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ'ዩ ቀዳማይ ዕማሙ ወዲኡ ናብ ክልኣይ ዕማሙ ምህናጽ ናጻ ሕብረተብ እናተቃለሰ'ዩ። ልክዕ ከምዛ ትማሊ መስከረም 18 ሐሙሻይ ዓመቱ ተሽሪቡ ይርከብ። ሰልሕ ከኪያ ግን መንዩ?

ኣቶ ሳልሕ ኣብ ከረን ተወሊዱ። ኣብ ከረን ድማ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ቤት ትምህርቱ ድሕሪ ምዝዛሙ። ኣብ ቤትምህርቲ ስነ ኪነት ባህርዳር ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቱ ቀጺሉ። እንተኾነ ብዝሓደሮ ርሱን ሃገራዊ ስምዒት ብ1976 ብየመን ኣቢሉ ንሜዳ ኤርትራ ተሰሊፉ። ከም ኩሉ ተጋዳላይ ተዕሊሙ ድሕሪ ምዝዛም ድማ መጀመርታ ከም ተራ ጸኒሑ ድማ ኮምሽነር ክፍሊ ታዕሊም ኮይኑ ኣገልጊሉ። ኣብዚ ክፍሊ'ዚ ድማ ከም ሓላፍን ምምህር ፖለቲካ ተዓለምትን ኮይኑ፡ ሓያለ ተዓለምቲ ጅጋኑን ምዕታትን ብክልሰ ሓሳብ'ውን መልሚሉ ዘፍረየ ካድር'ዩ።

ድሕሪ ምስላፉ ኣብ ክልተ ዓመቱ ድማ ንፖለቲካዊ ትምህርቲ ናብታ ናይ ሽዑ ደቡብ የመን ከይዱ ቸሲሙ ድሕሪ ምምላሱ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዋና ጸሓፊ ሰክረታረያት ናይታ ንቤት-ጽሕፈት ክትተሓጋገዝ ዝቆመት ሰክረታርያት ኮይኑ ኣገልጊሉ። ብዘይካዚ ናይቲ ኣብ ዓራግ ዝካየድ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ካድር ከምምህረን ሓላፊ ናይቶም ኣብኡ ዝምህሩ ዝነበሩ መምሃራንን ኮይኑ ኣብነታውያንን ሃገራውያንን ካድራት ብብቕዓት ዝመልመለ ተጋዳላይ'ዩ።

ተጋዳላይ ሳልሕ ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ተወፋየነቱ፡ ጽንዓቱን ዝርአዩ ብጾት ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ንኽኸውን ረቚሕዎ። ኣብ ቤት ጽሕፈት ዋና ጸሓፊ ኮይኑ ድማ ነቲ ብጾት ተጋደልቲ ዘሰከም ሓላፍነት ብብቕዓት ዛዚሙ ናጽነት ከምንጎናጸፍ ካብ ዝገበሩ ኣሽሓት ደቂ ህዝቢ ሓደ'ዩ ተጋዳላይ ሳልሕ ከኪያ።

ድሕሪ ናጽነት ተጋዳላይ ሳልሕ ከኪያ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሱዳን ኮይኑ ድሕሪ ምግልጋል ኣብ ሚኒስተሪ ጉዳያት ወጻኢ ተመዲቡ ኣብ ምምዕባል እቲ ሚኒስትሪ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበረ ዜጋ እዩ። ብድሕር'ዚ ከም ሚኒስተር መጓዓዝያን መራኸቢታትን ኮይኑ ኣገልጊሉ። ምናልባት ዝተራእዮን ዝመሰሎን ስለዝገለጸ ይኸውን ብሃንደበት ከምቲ ልሙድ ግዕዘይ ስራሕ ኣቶ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ናብ ምምሕዳር ከተማ ዓሰብ ከም ኣማሓዳሪ ከተማ ተቐይርካ ተባህለ። ምኽንያትን ኣገባብ መቐየሪኡን ምኽኑይ ኮይኑ ስለዘይረኸቦ ዘይከምቶም ገጽ ኣያኦም

እንተዘይሪኦም መሬት ዝተገልበጠት ዝመስሎም ብትብዓት ነጺጎ። ትእዛዙ ክምትእዛዝ ፈጣሪ ዝቆጸሮን ፍጹም ዝበሐቶን ድማ ከብ ስራሕ ደው ክምዝበለ ተሓበሮ።

ዝተጋደለሉ ዕላማን መትከልን ኣጸቢቑ ዝርዳእ ንናይ ጽባሕ መጻኢ ሃገር ብኸብዱን ብጊዚያዊ ረብሓን ዘይሸይጥ ብምኳኑ ድማዩ ኣብ ኣኼባ ባይቶ ንጉድለታት መንግስቲ ነቒፉ መራሒ መንግስቲ ንዝገብሮ ጉድላታት ድማ ብትብዓት ነቒፉ። ተጋዳላይ ሳልሕ ሐላፍነት ብግቡእ ክትሰርሐሉ እምበር ጉድለት ሐደ ውልቀ ሰብ ክትዛረብ ዝሰዓር ሃገር እናጠፍአት ድማ  ትም ምባልካ ዝሸየም ኣይኮነን ብምባል ሐደ ካበቶም ንጉድለታት ንኽእረም ዝጸውዐ ሐደ ነበረ።

ተጋዳልይ ሳልሕ ዘልዓሎ ሕቶታ ኩሉ ሃናጺን ንሃገር ዘርብሕን'ዩ ዝነበረ። ገለ ካበኡ ኣኼባታት ባይቶን ካቢነ ሚኒስተራትን ንልዕሊ ዓመት ዝአክል ስለዘይተገብረ ነዚ ጠሊቡ ሳልሕ እዚ ድማ ኣበሳ ተቖጺሩ። እዚ ሎሚ ሳለስቲ መጸ  ዝግበር ዘሎ ኣኼባ እዩ እምበአር ሃገር ኣብ ዝኸፍአ እዋን ኣብ ዝነበርትሉ ንልዕሊ ዓመት ዘይተገበረ። ሎሚ ድኣ እንታይ ስለአዝተረኸበ ኣብ ሰሳላስቲ ዝኻየድ ዘሎ፡ ሰላሕን ብጾቱን ዝለዘየለዉ ተቢዑ እንተተባህል ሰሚዑ ዝወጽአ እንተዘይኮይኑ ድማ ንበረልና ጥራይ ኣናበለ ዝውድስ ኣኼባ ወኻሩ ስለዝኾነ ዶ ይኸውን?

ተጋደላይ ሳልሕን  እምበአር ቅኑዕ ሕልናኦን ትብዓቱን ንግዚያዊ ስቕይን መከራን ግዳይ ጌርዎ ኣሎ። ከምዞም ውሑዳት ሓርኢ-እክሊ ክርዳድን፡ ሐደ ሰብ ክጸግብ ንሳቶም ዘጉስዑ ብምቕትን ተድላን ክነብር ኣይመረጸን ኣይተመራስሐን፡ ሳልሕ ዝኣተዉዎ ሕድርን መብጻዓን ኣይጠለመን ክልተ ግዜ ኣይተዛረበን። እነሆ ድማ ትማሊ መበል ሐሙሻይ ዓመቱ ብኽብርን ዝኽርን ተዘኪሩ ዊዒሉ። ተጋዳላይ ሳልሕን ብጾቱን እምበኣር ኣብቲ ወርቓዊ መዝገብ ታሪኽ ክሰፍር'ዩ። እቲ ሳልሕን ብጾቱን ዋላካ ስግኦም ኣብ ቤት-ማሕቡስ ይሃሉ እምበር፡ እቲ ዘበገስዎ ሕቶ ግን ምስእኦም ኣይተዳጎነን። ሕልና ዘለዎም በጾቶምን ናእሽቱ የሕዋቶምን ደቆምን ነቲ ሰንደቆም ኣልዒሎም ይምርሹን ይጋዙምን እዮም ዘለዉ። እታ ተጋዳላይ ሳልሕን ብጾቱን ዝሐለምዋ ኣብ ግዝአተ ሕግን ልዕልና ቕዋምን ዝተሰረተት ሃገር ግን ህያው እትኾነሉ ወቅቲ ይቀርብ እዩ ዘሎ።